ALLIANCE OF
CIVIL SOCIETY
ORGANIZATIONS OF TIGRAY
ሕብረት ማሕበራት ሲቪል ማሕበረሰብ ትግራይ
(ሕማሲማት)

www.acsot.org info@acsot.org

Ref. No:- ACSOT/432/11/16

Date: 20/11/16

## ኣብ እዋናዊ ኩነታት ትግራይ ኣመልኪቱ ብሕብረት ማሕበራት ሲቪል ማሕበራት ትግራይ ዝተውሃበ መግለፂ

ሓምለ 20/2016 ዓ/ም

መቐለ፥ ትግራይ፥ ኢትዮጵያ

ሕብረት ማሕበራት ሲቪል ማሕበረሰብ ትግራይ ኣብ ትግራይ ኣብ ዝተፈላለዩ ዘፈራት ዝነጥፉ 124 ትካላት ሲቪል ማሕበረሰብ ኣብ ሓደ ፅላል ዝሓቖፈ ጥምረት ትካላት ሲቪል ማሕበረሰብ እንትኸውን ካብ ዝተጣየሸሎም ልኡኻቱ ሓደ ህዝባዊ ሕልቕና (public advocacy) እዩ። በዚ መሰረት ካብ ዝምስረት ክሳብ ሐዚ ንዓድን ህዝብን ኣብ ዝምልከቱ ዘዕባታት ብዝተፈላለዩ ኣማራፅታት እናተሓለቐ ዝመፀ ኾይኑ፤ ኣብዚ ሐዚ ዘለናዮ ኣዝዩ ተኣፋፊ ግዜ ኣብ ትግራይ ዘሎ ህልው ኩነታት ኣመልኪቱ'ውን ባዕሉን ኣባላቱን ብትኹረት እናተኸታተልናዮን ኣብ ዝተፈላለየ እዋናት ድማ ረብሓታት ህዝብን ዓድን ማእኸል ብምግባር ስራሕቲ ሕልቅና እናጋዋሕናን ፀኒሕና ኢና።

ከምዝፍለጥ ትግራይን ህዝባን ኣብዚ ናይ ቀረባ እዋን ዝነበረ ደማዊ ኲናት ከምኡ'ውን ገና ዘይዛረየ ሕሱም ናይ ሰብኣዊ ቅልውላውን ህልቂት ህዝብናን ኣዝዩ ስለዘተሓሰስበና ካብቲ ኲናት ዝጅምር ክሳብ ሐዚ ብሕብረትናን ኣባላቱን ኣቢልና ዓቕምና ዝፈቕዶ ብመዳያት ሰብኣዊ ሓገዝን ስራሕቲ ሕልቕናን እጃምና እናወፈና ፀኒሕና ኢና። ብተመሳሳሊ ውዕሊ ስምምዕነት ምቁራፅ ተፃብኦ ፕሪቶርያ ካብ ዝፍረም ንደሓር ኣብ ዘሎ ግዜ'ውን ኣብ ትሕቲ ግዝያዊ ምምሕዳር ትግራይ ኣብ ዘለው ከባብታት ትግራይ ንዝርከብ ህዝብና ከምኡ'ውን ብብርኪ ሃገር ኣብ ህንፀት ሰላምን ተዛመድቲ ስራሕቲ ሕልቅናን ናይ ባዕልና እወንታዊ ኣበርክቶ እናገበርና ዝመፃና እንትንኸውን፤ ብፍሉይ ድማ በቲ ስምምዕነት ዝተረኸበ ዕድል ብምጥቃም ህዝብና ናይ ሰላም ኣየር ንኽትንፍስን ትግበራ እቲ ስምምስዕነት ንኽብርኽን ዝተፈላለዩ ፃዕርታትን እናገበርና መፂና ኢና። ሕብረትና ስምምዕነት ውዕሊ ፕሪቶሪያ ምስ ኩሎም ፀገማቱን ብድሆታቱን ንህዝብና ንልዕሊ ሓደ ዓመትን ፈረቓን ዝኣክል ተነፃፃሪ ናይ ሰላም ጭልንጭል ረኺቡ ከስትማቕር ዝገበረ ስለዝኾነ መሊኡ ክትግበርን ክብርኽን ዝግብኦ ምኽኑ ብምእማን ብፍላይ ድማ ናይ ወፃኢ ሓይልታትን ካብ መከላኸሊ ሃገር ወፃኢ ዘለው ዕጡቓትን ካብ ትግራይ ክወፁን ከምኡ'ውን ተመዛበልቱ ብዘይወዓል ሕደር ናብ መረበቶ ክምለሱን ብትኹረት ናይ ሕልቅና ስራሕቲ እናሰርሐ ፀኒሑ እዩ።

Tele No. 251 -0911362042/ 251-0344-400337 * Fax No. 251-344-400304 P.O.Box – 1313

Mekelle, Tigray, Ethiopia

ሕብረትና ኣብዚ ሐዚ እዋን ኣብ ትግራይ ገጢሙ ንዘሎ ሰላም ህዝቢን ዓድን ናይ ምዝራግ ዓቢይ ተኽእሎ ዘለዎ ዘተሓሳስብ ናይ ትግራይ ናይ ፖለቲካ መሪሕነት ምክፍፋል ተርእዮ፤ ግዜ ዘይህብን ብእዋኑ ክእረም ዝግበኦን ምዃኑ ብፅኑዕ ብምእማን ምስዚ ብዝተተሓዘ ዝስዕቡ ቀንዲ ነጥብታት እዚ ጋዜጣዊ መግለፂ ኣውፂእና ኣለና።

## 1) ንፖለቲካዊ መሪሕነት ትግራይ

ትግራይ ኣብዚ ሐዚ እዋን ካብቲ ደማዊ ኹናት ዝወለዶ ዓይነ-መርፍኡ ዝጠፍኦ ደልሃመት ንኽትወፅእ ግደ ፖለቲካዊ መሪሕነት ትግራይ ካብ ኩሉ ዝዓዘዘ ምዃኑ ሕብረትና ይግንዘብ። በዚ መሰረት ፖለቲካዊ መሪሕነት ትግራይ ብስኒትን ብሄራኢ ሓድነትን ዓብዪ ስትራቴጂካዊ መሪሕነት ክተዕርፉን ህዝብና ካብዚ ፅንኩር ፀገም ልዑል ትፅቢት ዋላ'ኳ እንተገበረልኩም ብግብሪ ግን ናይዚ ተፃራሪ ዝኾነ ናይ ምክፍፋል ተርእዮ ገኒኑ ናብ ኣደባባይ ወፅዩ ኣሎ። እዚ ድማ ንትግራይን ህዝባን ኣብ ርእሲ ፀገሞም ካልእ ተደራቢ ፀገም ዝፈጥረሎም ምዃኑ እናፈለጥኩም ናይ ህዝቢ ሓላፍነት ንጎኒ ገዲፍኩም ንመላእ ህዝቢን ዓድን ናብ ዝኸፍአ መንገዲ ጥፍኣት ዘእቱ ኣካይዳ ከምእትኸዱ ዘለኹም ንዕዘብ ዘለና እንትንከውን ትኸዱዎ ዘለኹም ሓደገኛ ጉዕዞ ገቲእኹም ብዓብዪ ናይ ሓላፍነት መንፈስ ኣፈላላያትኩም ውሕሉል ብዝኾነ ኣገባብ ኣሊኹም ትግራይን ህዝባን ክተድሕኑ ሕብረትና የተሓሳስብ። ካብዚ ወፃኢ ብዝተፈላለየ ሸነኽ ዝውሰዱ ዘለዉ ስጉምትታት ብድምር ክንወፃ ናብ ዘይንኽእል ዓዘቕቲ ዘእትዉ ብምዃኖም ዝኾነ ይኹን ህልኽ ይኹን ሓይሊ መሰረት ዝገበሩ ኣማራፅታትን ስጉምትታትን ካብ ምውሳድ ክትቑጠቡን ናብ ስልጡን፣ መትከላዊን ረብሓ ህዝብን ዓድን ሸኻል ዝገበረ ልዝብ ክትምለሱን ኣፈላላያትኩም ብእሂን ምሂን ኣሊኹም ህዝብኹም ክተገልግሉን ሕብረትና ፃውዒቱ ብትሪ የቕርብ።

## 2) ንፌዴራል መንግስቲ ኢትዮጵያ

እቲ ኣብ ትግራይ ዝካየድ ዝነበረ ደማዊ ኲናት ደው ብምባል ምስ ኩሉ ሕፀረታቱን ፀገማቱን ውዕሊ ስምምዕነት ፕሪቶሪያ ንምትግባር ክሳብ ሐዚ ብወገን መንግስቲ ፌዴሪኢ ዝተወሰዱ ስጉምትታት ሕብረትና ብእወንታ ዝምልከቶ እንተኾነ'ውን እቶም ዝቐረዩ ዓበይቲ ዕንቅፋታት እውን ዘላቒ መፍትሒ ንክግበረሎም ብምትሕስሳብን ብምትእምማንን እዩ። እዚ ከምዘዝሎ ኮይኑ ኣብዚ ቀረባ እዋን ንውድብ ህወሓት ኣመልኪቱ ብፌዴራል መንግስቲ ዝተውሃበ መጠንቀቕታን ምዕባለታቱን ነቲ ተፈጢሩ ዘሎ ናይ ሰላም ሃዋህው ዘሪጉ ንትግራይ ካብኡ ሓሊፉ'ውን ንመላእ ኢትዮጵያ መሊሱ ናብ ኲናት ከእቲ ዝኽእል ኣካይዳ ስለዝኾነ እቲ ዝረአ ዘሎ ኣፈላላይ መንግስቲ ብዓቢይ ናይ ሓላፍነት መንፈስ ማለት'ውን ብሕጋውን ሰላማውን ኣግባብ ጥራሕ ንክኣልዮ ንፅውዕ።

www.acsot.org info@acsot.org

Ref. No:- ____________ Date:________

ካብዚ ሓሊፉ ሰገር-ሰላም ዝውሰዱ ስጉምታት ብሙሉኦም ክንወፆ ናብ ዘይንኽእል ዓዘቕቲ ከእትዉ ዝኽእሉ ስለዝኾኑ መንግስቲ ብፍላይ ሓይሊ መሰረት ዝገበሩ ስጉምትታት ካብ ምውሳድ ክቑጠብ ፃውዒትና ነቕርብ።

### 3) ንመላእ ህዝቢ ትግራይ

ዝኸበርካ ኣብ ውሽጢ ዓድን ወፃእን እትነብር ህዝብና፣

ኣብ ድሮ ኹናት ዝጀመሩ ፀገማት ትግራይን ህዝባን ድሕሪ እቲ ደማዊ ኹናት ብዝተፈጠሩ ሰብ-ሰራሕን ተፈጥሮኣውን ፀገማት ካብ ጊዜ ናብ ጊዜ እናተደራረቡ ናብ ዝተሓላለኸ ብርኪ በፂሖም ይርከቡ። እዚ ከምዚ እናሃለወ ኣብዚ ሐዚ እዋን ኣብቲ ሕሉፍ ደማዊ ኹናት ከምዓድን ህዝብን ዝኸሰርናዮ ማእለያ ዘይብሉ ዘይትካእ ጥፍኣት ኣእላፍ ሂወት፣ ጥሕሰት ሰብኣዊ መሰላት፣ ዕንወት ንብረትን መሰረተ ልምዓትን ከይኣክል ብቀንዱ ብሰንኪ ገዚፍ ሓዳፍ መሪሕነት ትግራይ ኣብ ልዕሌኻ መሰከፊ ዝኾኑ ሓደጋታ ኣንፀላልዮም ይርከቡ። ሕብረትና እዚ ኩነት ብኣጋ እንተዘይተኣልዩ ሓደገኛን መንገዲ ጥፍኣትን እዩ ኢሉ ይኣምን። ስለዝኾነ ድማ እዚ መሰከፊ ምዕባለ ብዝተወደብን ብዘይተወደበን ኣገባብ ክትከላኸሎን ደው ክተብሎን ሕብረትና ብኽብሪ ይፅውዕ።

### 4) ንህዝቢ ኢትዮጵያን ማሕበረሰብ ዓለምን

ኣብ ትግራይ ዝጀመረ ኩናት ብሓፈሻ ንዞባ ቀርኒ ኣፍሪካ ብፍላይ ድማ ንመላእ ኢትዮጵያ ብዓቢዩ ናብ ቅልውላው ዘእተወ ምንባሩ ናይ ቀረባ ተዘክሮ እዩ። ብምኧኑ ድማ መላእ ህዝቢ ኢትዮጵያ ብፍላይ ድማ ዘይመንግስታዊ ትካላትን ካልኦት ኣወዳድባታትን ብገናኡ ዝግባእ ኣቓልቦ ሂበን ናብ ዝኾነ ዓይነት ግጭት ንከይእቶ ናይ ባዕሎም ፅዕንቶታት ከዕርፉ ንፀውዕ።

ብተመሳሳሊ እቲ ኣብ ትግራይ ዝካየድ ዝነበረ ኣዕናዊ ኩናት ብሰላማዊ መንገዲ ንምፍታሕ ኣብ ዝተገበሩ ፃዕርታት ናይ ማሕበረሰብ ዓለም ብፍላይ ድማ ናይ መደራደርትን ተዓዘብትን ኣካላት ግደ ዕዙዝ ምንባሩ ሕብረትና ብፅኑዕ ዝኣምን ኮይኑ ኣብዚ ሐዚ እዋን ከይዲ ትግበራ ውዕሊ ፐሪቶሪያ ዝኾልፍ ተርእዮ ይምዕብል ስለዘሎ፤ እዚ ድማ ካብ ትግራይ ሓሊፉ ንኢትዮጵያን እዚ ዞባን ዝፀሉ ምኽኑ ኣብ ግምት ብምእታው እዚ ኣካይዳ ዝገትእ ህውፅን ተግባራውን እጃም ንኽተበርክቱ ሕብረትና ፃውዒቱ የቕርብ።

ሕብረት ማሕበራት ሲቪል ማሕበረሰብ ትግራይ

መቐለ

Tele No. 251 -0911362042/ 251-0344-400337 * Fax No.251-344-400304 P.O.Box – 1313

Mekelle, Tigray, Ethiopia